# OPRATAT

ምኽሪ ንዓኹም ወለዲ፡ ኣቦሓጎን ኣደዓባይን ከምኡ’ውን ኣብ ስራሕካ ስንክልና ዘለዎም ቈልዑን ስድርኦምን ትረክብ ሞያዊ፡

**Tigrinja**

# Opratat.se – ቅድመ ምክልኻል ሕማም ይገብር

ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ ዘለውዎም ስድራ መብዛሕትኡ ግዜ ከይተዛረብሎም ዝተርፉ፡ ብዛዕባ ሓሳባትን ስሚዒታትን ክዛረቡ ንኽጅምሩ Opratat.se ሓደ መሳርሒ እዩ። ቈልዑን ዓበይትን፡ ብፊልምታት፡ዛንታታት፡ መጻሕፍቲ ስእሊን ጸወታታትን፡ እቲ ካልእ ሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩነት ከመይ ከም ዝሓስብን ዝስምዖን ዘሎ ክፈልጡ ይኽእሉ። እዚ መጀመሪ 0ንሓደ ዝርርብ ክኸውን ይኽእል እዩ። Opratat.se ናብ መንጎ 4ን 12ን ዓመት ዕድሚኦም ቈልዑ፡ ናይ'ቶም ቈልዑ ስድራን ካልኦት ነቶም ስድራ ዝረኽቡ ዓበይትን ዘድሃበ እዩ። እቲ ተስፋ፡ ኩሉ ሰብ ኣብኡ ነብሱ ዘለልየሉ ገለ ነገር ክረክብ እዩ።

## እዚ opratat.se እዩ።

- ሰብ ብዛዕባ እንታይ ከም ዘይዛረብን ስለምንታይ ብዛዕብኦም ከም ዘይዛረብን ዘርእዩ **ካርቱን ፊልምታት**።
- ሓሳባትን ኣብነትን ብዛዕባ ሰብ ነንሕድሕዱ ብዛዕባ ከበድቲ ነገራት ንኽዘራረብ ከመይ ክገብር ከም ዘለዎ ዘዘንትዉ **ዛንታታት።** እቶም ዛንታታት ካብ ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ፡ ኣሕዋት፡ ወለድን ኣቦሓጎን ኣደዓባይን ዝተረኽቡ እዮም።
- እቶም እቲ መጽሓፍ ዝገልጾም ኩነታት ብዛዕባ ስሚዒታት፡ መጀመሪ ዝርርብ ክኸውን ዝኽእል **መጻሕፍቲ ስእሊ።**
- ተዋዘይቲ ተባሂሎም ዝተሓሰቡ ግን ብዛዕባ ስሚዒታት እውን ንምዝራብ ክትጥቀመሎም ትኽእል **ጸወታ ብዛዕባ ስሚዒታት።** ኣብ'ቲ ዳማ ካብ ዘለዉ ስእልታት ኣየናይ ስሚዒታት ይረክብ? እቶም ዝተፈላለዩ ስሚዒታት ከመይ ይስምዑኻ? ከመይ ኢሉ እዩ ሓደ ሰብ ዝተፈላለዩ ስሚዒታት ዝስምዕዎ? ዝትፈላለዩ ሰባት ሓደ ዓይነት ክስምዖም ይኽእል ዲዩ? እቲ ጸወታ ናብ'ቶም ናእሽቱ ቈልዑ ዘድሃበ እዩ።

ናይ'ዞም ፊልምታትን ዛንታታትን ትሕዝቶ ሰረቱ፡ እንቅስቃሰ መሰል ስንክልና (funktionsrättsrörelsen) ኣብ ዘካይዶ ፕሮጀክት ምስ 160 ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ፡ ኣሕዋት፡ ወለዲን ኣቦሓጎን ኣደዓባይን ኣብ ቃለ-መጠይቕን ኣኼባታትን ዘዘንተውዎ እዩ።

## ስለ ምንታይ opratat.se?

ስንክልና ዘለዎም ቈልዑን ስድርኦምን ነንሕድሕዶም ካብ ምሕዛን፡ ምሽቓልን ምሕራቕን ክተሓላለዉ ከለዉ፡ ብዛዕባ እቲ ከቢድ ወይ ዘሻቕል ኣይዛረብሉን። ቈልዑ ናይ ወለዶም ዘይዉሕስነት ይዕዘብዎ እዮም። እቶም ወለዲ ስለ ምንታይ ፍሉይ ባሕሪ ከም ዘርእዩ ግን ኣይርድኦምን እዩ። ኣብ እዋን ጉድለት ናይ ዝርርብ፡ እቲ ቈልዓ ውላዲኡ እንታይ ከም ዝሓስብ ዘሎ ክግምትን ናይ ባዕሉ መግለጺታት ክፈጥርን ይፍትን። ካብ ክውንነት ዝኸፍኡ ክኾኑ ዝኽእሉ መግለጺታት።

ስለዚ ንሓድሕድካ ክትዘራረብ ኣገዳሲ እዩ። ቈልዑን ዓበይትን፡ ኣብ opratat.se ብዘለዉ ፊልምታት፡ ዛንታታት፡ መጻሕፍቲ ስእሊን ጸወታታትን፡ ኣብ ሓደ ዓይነት ኩነት ብተመሳሳሊ መንገዲ ከም ዝሓስቡን ዝስምዖምን ክፈልጡ ይኽእሉ። ንበይኖም ኣይኮኑን። ነብስኻ ምፍላጥ ምናልባት ብዙሕ ግዜ ዘይትዛረብሎም ነገራት ብዝያዳ ክትዛረበሎም ከም ትደፍር ክገብር ይኽእል ይኸውን።



ቈልዑ ይርድኡን ካብቲ ንሕና ዓበይቲ ንግንዘቦ ንላዕሊ ኣጸቢቑ ዝበዝሐ ይኽእሉን እዮም። ከምኡ'ውን ኣብዚ እዋን እዚ ቈልዑ፡ ቈልዓ ኣብ ሙኳን ከኢላታት እዮም። ከምኡ ኸንሱ ግዳ ቈልዑ ካብ ወለዶም ሓገዝን መምርሒን የድልዮም እዩ።

ወዲ 10 ዓመት ሃምቡስ ከምዚ ይብል፡- "ሰብ ነቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ከውጽኦ ኣለዎ። እንተ ዘይኮነ ኣብ ከብድኻ ቃንዛ ይገብረልካ እዩ።" ጓል 8 ዓመት ቱቫ ድማ፡- "ሓደ ሓደ ግዜ ወለደይ ዝብኣሱ ኣነ ዘሕርቕ ስለ ዝኾንኩ ኾይኑ ይስምዓኒ። ግን ከምኡ ክኸውን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። እዚ ሓደ ሓደ ግዜ ባዕልኻ ትግምቶ ጥራይ እዩ።"

እቶም ኣብ ምድላው opratat.se ዝተሳተፉ ቈልዑ፡ ነገራት ከመይ ይኸይድ ከም ዘሎ ክፈልጡን ክዛረቡ ደልዮምን ተመሊሶም ይመጹ።

## እተን ፊልምታት ሸሞንት ዝተፈላለየ ኣርእስቲ የንጸባርቓ

እቶም 160 ድምጽታት፡ ክትዛረብሉ ኣየናይ ከቢድ ምኳኑ ኣርእዮም ነይሮም። ነዚ ኣብ ሸሞንት ኣርእስቲ መቒልናዮ።

**ኣነ ሓደ ነገር ኣለኒ** ብዛዕባ ስንክልና እዩ
ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ፡ እንታይ ከም ዘለዎም ክፈልጡ ይደልዩ እዮም። ኣሕዋት እውን ክፈልጡ ይደልዩ እዮም። ንሳቶም ንዕድላትን ደረታትን ክርድእዎምን ክፈልጥዎምን ይደልዩ እዮም። እቶም ቈልዑ "ኣነ እየ ሓደ ነገር ዘለኒ" ይብሉ።
ወለዲ ንደቆም ጥራይ ዘይኮነስ ንነብሶም እውን ካብ ብርቱዓት ስሚዒታት ከም ጓሂ፡
ሻቕሎት፡ ሕርቃን፡ ነውሪን ጸጸትን ክከላኸሉ ይደልዩ እዮም።
ኣቡሓጎን ኣደዓባይን፡ ወለዲ ምስ ውላዶም ብዛዕባ ናይቲ ቈልዓ ስንክልና ደፊሮም ክዛረቡ ይደልዩ። ግን ምስ ደቆምን ደቂ ደቆምን ዘለዎም ዝምድና ኣብ ሓደጋ ከየእትውዎ ስለ ዝፈርሑ ነቲ ዛዕባ ከልዕልዎ ይኸብዶም እዩ።



**ብዛዕባ ከመይ ይስምዓኒ ከም ዘሎ ኣይዛረብን እየ**
ቈልዑን ዓበይትን ከመይ ከም ዘለዉ ኣይነግሩን ወይ ከመይ ከም ዘለዉ ኣነኣኢሶም ይነግሩ። ንነብሶምን ካልኦትን ክከላኸሉ ይደልዩን፡ ከም ሕፍረት፡ ጸጸት፡ ሻቕሎት፡ ጓሂን ሕርቃንን ዝኣመሰሉ ስሚዒታት ከየስዕቡ ይፈርሑን።

**ኩሉ ግዜ ሓገዝ ምድላይ** ብዛዕባ ጽግዕትነት እዩ
እቶም ቈልዑ ብዙሕ ዝጠልቡን ኣብቲ ስድራ ዝዕብልሉን ዘለዉ ኾይኑ ይስምዖም። ነዚ ስምዒት ንምውጋድ ካብ ንጥፈታት ምግባር ይቑጠቡ።

**ናተይ ጌጋ ዲዩ?** ብዛዕባ ረባሺ ሙኳን እዩ
ቈልዑ ንሶም ምኽንያት ናይ ወለዶም ድኻም ወይ ካልኦት ኣብቲ ስድራ ዘጋጥሙ ጸገማት ከይኮኑ ይሻቐሉ እዮም። ካብ ስድርኦም ብዙሕ ስለ ዝጠልቡ ነሕዋቶም ዝዕብልልዎም ዘለዉ ኾይኑ ይስምዖም። ቈልዑ "ናተይ ጌጋ እዩ" ኢሎም ይሓስቡ።
ስንክልና ዘልዎም ቈልዑ ጥራይ ኢዮም ኣሸጋሪ ናይ ሙኺን ሕቶ ዘልዕሉ። ኣሕዋት ይኹኑ፡ ወለዲ ወይ ኣባሓጎን ኣደዓባይን ብዛዕባ እዚ ኣይዛረቡን እዮም።

**ይሓፍሩ ድዮም?** ብዛዕባ ኣረኣእያ ናይ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባት እዩ
ቈልዑን እሕዋቶምን፡ ካልኦት ሰባት ቀው ኢሎም ክጥምትዎም ከለዉ ወይ ተነቃፊ ርእይቶ ክህቡ ከለዉ፡ ብኸመይ ከም ዝኣልይዎ ንኽፈልጡ ይኸብዶም እዩ።
ወልዲ፡ ናይ ካልኦት ሰባት ዘይምርዳእ ኣብ ልዕሊ ደቆም ከስዕቦ ዝኽእል ሳዕቤን የሻቕሎም እዩ። ስለዚ ንሶም ንሓደ ሓደ ስፍራታት የወግድዎም ወይ ኣብ ሓደ ሓደ ኩነት ብዛዕባ ናይ'ቲ ቈልዓ ስንክልና ኣይዛረቡን።



**ናይ ካልኦት ሓላፍነት ምውሳድ** ብዛዕባ ሓላፍነት ናይ ካልኦት ሰባት ስሚዒት ምውሳድ እዩ
ቈልዑን ኣሕዋቶምን መስተብሃልቲ ኢዮም፡ ወለዶም ኣብየናይ ናይ ስሚዒት ኩነት ከም ዘለዉ ድማ የስተብህሉ እዮም። ቈልዑ፡ ካልኦት ሰባት ክጕህዩ፡ ክሻቐሉ ወይ ኽሓርቑ ከለዉ ብሰንኮም ከምኡ ዝኾኑ ገይሮም እዮም ዝሓስብዎ። ካልኦት ምእንቲ ከይሻቐሉ ዝተፈላለየ ነገራት ካብ ምግባር ይቑጠቡ። ቈልዑ ንናይ ካልኦት ሰባት ስሚዒት ሓላፍነት ይወስዱ እዮም። የሕዋት ብዝተፈላለየ መንገዲ ንሓዎም/ሓፍቶም ይኣልዩን ይከላኸሉሎምን።

**መጻኢ ግዜ**
ብዙሕ ግዜ እቶም የሕዋቶም ወለዶም ምስ ሸምገሉ ወይ ምስ ሞቱ ነገራት ከመይ ክኸውን እዩ ኢሎም ይሻቐሉ እዮም። ሽው ንሓወይ/ሓፍተይ መን ክኣልዮ/ያ ኢዩ?

ወለዲ ንውላዶም ከሻቕልዎምን ሕልሞም ከባላሸውሎምን ኣይደልዩን እዮም። ንኣብነት ብዛዕባ ተወርሶን ኣብ መጻኢ ግዜ እንታይ ሳዕቤን ክህልዎ ከም ዝኽእልን ምዝራብ ክኸብዶም ይኽእል እዩ። ደቆም ናቶም ውላድ ክህልዎምን ስድራ ክምስርቱ ክኽእሉ ድዮም?

**ክመውት ድዩ?**

ቈልዑ ብዛዕባ ኵነታት ከመይ ከም ዘሎ ክፈልጡ ይደልዩ እዮም። ዓበይቲ ግን እቲ ቈልዓ ክሳብ ክንደይ ክርድኦ ከም ዝኽእል ምፍላጥ የሸግሮም እዩ። ቈልዑን ኣሕዋቶምን ምናልባት ዋላ እኳ ብምልኡ እቲ መልእኽቲ ኣይረዳኣዮም መብዛሕትኡ እዋን ግን ብዙሕ ይፈልጡ እዮም።

ናይ ሞት ሓሳባት ሓያል ስሚዒታት የለዓዕል እዩ። ንኽልቲኦም፡ ብዛዕብኡ ክገልጹን ክዛረቡ ዘለዎምን እቲ ዝሓመመን። ሞት፡ ንምርዳእ ዜጸግም እዩ። ንኽትገልጾ ድማ ከቢድ እዩ።

# ንOpratat.se ከመይ ጌርካ ክትጥቀመሉ ከም ትኽእል?

## ምስቲ ቈልዓ ብሓባር - ንኣባላት ስድራ ወይ ሞያተኛታት

ንሓንቲ ፊልም ቅድሚ ምርኣይካ፡ ሓጻር ሙኳና ምግላጽን ገለ ቁሩብ ብዛዕብኣ ምንጋርን ጽቡቕ ሓሳት ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ቈልዓ ካብኡ ንላዕሊ ክርኢ እንተ ዘይደልዩ፡ ኣጥፍኣያ። በቲ ቈልዓ ተመራሕ።

ተዓጊስካ ናይ'ቲ ቈልዓ መልሰ-ተግባራት ተጸበ። ከም ዓቢ ሰብ መጠን ሓሳባትካ ቀልጢፍካ ኣይትንገር። ኣብቶም ዛንታታት እውን ተመሳሳሊ ሜላ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ እቶም ኣብታ ፊልም ወይ ዛንታ ዘለዉ ሰባት ምሕታት፡ ሓደ ኣገባብ ንምጅማር ዝርርብ እዩ። እንታይ እዩ ዘጋጥም ዘሎ? እቶም ዝተፈላለዩ ሰባት ከመይ ይስምዖም ኣሎ ይመስለካ? ስለ ምንታይ ከምኡ ይስምዖም ኣሎ? እንታይ ይሓስቡ ኣለዉ ይመስለካ? ኣብ ተመሳሳሊ ኵነት ንስኻ ከመይ ምገበርካ?



ዝርርብ ብዛዕባ ኣብተን ፊልምታትን ዛንታታትን ዘለዉ ሰባት፡ ብዛዕባ ናትካ ኵነታት ንምዝራብ ዝቐለለ ክገብሮ ይኽእል እዩ። ካልኦት ከማይ ክሓስቡን ክስምዖምን ይኽእል እዩ ኢልካ ምስ ተረዳእካ፡ ንናትካ ስሚዒታት ክትርድኦም ይቐለልካ እዩ። ብሓንሳእ ኴንኩም ህንጡያት ኩኑ፡ ተመኩሮኹም ተለዋወጡን ዝተፈላለዩ መዓልታዊ ኵነታተ ብኸምይ ከም ትርእይዎምን ተዘራረቡ።

ብዝተኻእለ መጠን ንጹራት ቃላት ተጠቀም፡ ስማዕን ብልክዕ ተረዲኡካ ከም ዘሎ ኣረጋግጽን። ሕቶታት ናይ'ቲ ቈልዓ መልሰሎም፡ ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ቈልዓ ስሚዒታት ተቐቢሎም። እዚ፡ ነቲ ቈልዓ ንናቱ ህዋሳዊ ኣስተብህሎ ንኽኣምን ክምሃርን ንዐኦም ንኻልኦት ሰባት ክገልጸሎምን ክሕብሮምን ይሕግዞ።

ሓደ ስሚዒት ብፍጹም ልክዕ ወይ ጌጋ፡ ቅኑዕ ዘይኮነ ወይ ምኽኑይ ኣይኮነን። ሓደ ስሚዒት፡ ብድፋኑ ዘሎ ጥራይ እዩ።

ወዲ 11 ዓመት ጂምይ፡ "ሰባት ወይ ብዙሓት ሰባት ናእሽቱ ቈልዑ ዘይርድኦምን ርእይቶ ይኹን ሓሳባት ዘይብሎምን ይመስሎም" ኢሉ። እፈልጥ እየ፡ ወዲ 4 ዓመት ከለኹ፡ ልክዕ ከምዚ ሕጂ ዘለኑ ሽዑ'ውን ኣዚዩ ብዙሕ ሓሳባት ነይሩኒ እዩ። ከምኡ'ውን ጓል 9 ዓመት ኣና " ኣብዘን ፊልምታት ንነብስኻ ኣብ ሓደ ኵነት ከተእትዋ ትኽእል ኢኻ፡ ብተወሳኺ ከመይ ከም ዝስምዓካ ዝርድኡ ካልኦት ሰባት ከም ዘለዉን ንበይንኻ ከም ዘይኮንካን ክትፈልጥ ትኽእል" ኢላ።

## ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ፡ ንዓኺ ሞያተኛ ዝኾንካ

ከም ሞያተኛ መጠን ኣብ opratat.se ብዙሓት ክትጥቀመሎም ትኽእል ዓውድታት ኣለዉ።

- ንነብስኻ ከም ሓገዝ ዝኸውንን ከምኡ'ውን ቈልዑ፡ ኣሕዋት፡ ወለዲን ኣቦሓጎን ኣደዓባይን ንኽዛረብሎም ኣገደስቲ ዝብልዎም ኣርእስትታት ኣፍልጦ ንምርካብን።
- ምስ ኣባላት ስራሕ ኣብ ዝግበር ዝርርብ ከም መበገሲ ነጥቢ ዝኸውን። እዚ ምናልባት ተገዳስነት ናይዚ መሳርሒ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ክብ ከብሎ ይኽእል ይኸውን።
- ኣብ ናይ ውልቂ ዝርርብ ብመንገዲ ንኽትዛረበሎም ቀለልቲ ዘይኮኑ ኣርእስታታ ማለት "ዘይተዘረበሎም"፡ ንኣብነት ናይ'ቲ ቈልዓ ስንክልና ኣልዒልካ ሓገዝ ክትህብ ክትደሊ ከለኻ።
- ኣብ እዋን ዝርርብ ምስ ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ ብጕጅለ።
- ኣብ እዋን ዝርርብ ምስ ኣሕዋት፡ ወለዲ ወይ ኣባሓጎን ኣደዓባይን ብጕጅለ።
- ከም ምኽሪ ንቈልዑ፡ ኣሕዋት፡ ወለዲ።
- ስራሕታኛታት ንኽትዛረበሎም ቀለልቲ ዘይኮኑ ኣርእስትታት ከልዕሉ ከለዉ ሓገዝ ንኽረኽቡ ኣብ ምምሃርን ሓበሬታ ምሃብን።

ሓደ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ከም ዝበሎ " ከም ሞያተኛ ናትካ ዓቕሚ ምስኣን ከሰንፈካ ይኽእል እሞ ኵነታቶም ከመይ ከም ዘሎ ንምሕታት ኣይትደፍርን።"

## ካልኦት ንOpratat.se ዝተጠቐምሉ

**ርእይቶ ካብ ሞያተኛታት ብዛዕባ ናይ ብውልቕን ብጕጅለን ዝርርብ**

"ቅድሚ ሕጂ ነንሕድሕዶም ተራኺቦም ንዘይፈልጡ ወለዲ ፊልምታት ካብ Opratat ኣርኢናዮም። ቅድሚ ሕጂ ወለዲ ቀልጢፎምን ኣዚዩ ናይ ውልቆምን ክዛራቡ ክጅምሩ ፈጺሙ ኣጓኒፉና ኣይፈልጥን እዩ።" ሰራሕተኛታት ኣብ ሃብሊተሪንግ (ደገፍ ምቅላል መዓልታዊ ሂወት)

"ብዛዕባ ኣብታ ፊልም ዘሎ ቈልዓ ክንዛረብ እንተ ጀሚርና፡ ነቲ ቈልዓ ብዛዕባ ነብሱ ክዛረብ ንክጅምር ይቐለሉ።" ሰራሕተኛታት ኣብ ናይ ሓጺር ግዜ ዕረፍቲ ቤት

"ትሕዝትኡ፡ ነውሪ ዝብሃል ኣተሓሳስባ ንሙቕራጽ ጽቡቕ እዩ። ወለዲ ምስ ደቆም ብኸመይ ከም ዝዘራረቡ ንምፍላጥ ክሳብ ሕጂ ሓገዝ ኣይረኸቡን ዘለዉ። ግን እዚ ሓገዝ የድሊ እዩ። እዚ መሳርሒ ምዝርራብ ጕዳኢ ከምዘይኮነ፡ ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ምዝርራብ ተቓሚ ሙኳኑ የርኢ እዩ። መምህራንን ተሓጋገዝቲ ተምሃሮን ኣብ ፍሉይ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ

"ኵሉ ግዜ Opratat ኣብ ናይ ድሕሪት ጇባይ ኣላ፡ኣብ ንቕሓተይ። ሓደ ኵነት ክጋጥም ከሎ ብቀሊሉ ኣውጺእካ ክትጥቀመላ ትኽእል።" ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ኣብ ሃብሊተሪንግ (ደገፍ ምቅላል መዓልታዊ ሂወት)

**ቈልዑን ወለድን ብዛዕባ እተን ፊልምታት**

እታ **Klätterställningen** ስማ ፊልም ንሓደ ጒጅለ ቈልዑን ጒጅለ ወለድን ኣብ ሓደ እዋን ግን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ተራእያ። እቶም ቈልዑ ብዛዕባ እቶም ገጸ-ባህርያት ብዙሕ ኣፍልጦ ነይርዎም። ንሳቶም፡ ብዛዕባ ስሚዒት ዝቕስቅስን ክገብርዎ ዓቕሚ ዘለዎምን ነገራት ክገብሩ እንተ ዘይተፈቒድሎም ክሳብ ክንደይ ከም ዝሓርቁን ዝጒህዩን ተዘራሪቦም። እቶም ቈልዑ፡ ኣብኦም ፈሪሑ ከም ዝነበረ እውን ተረዲኤዎም ነይሩ እዩ። እቶም ወለዲ እውን ንነብሶም ኣብታ ፊልም ኣለልዮማ እዮም። ንሳቶም ብዛዕባ ብዝያዳ ካብ ምኽልካል ክቕጠቡን ኣብ ደቆም ክተኣማመኑን ዘትዮም።



ሓደ ናይ ቈልዑ ጒጅለ ኣብ መዋእለ ህጻናት ነታ**Pusslet**ትብል ፊልም ርእዮማ። እቶም ቈልዑ ከምዚ ኢሎም: ”ቁሩብ ጸገም ኣለዋ”፡ ”እቶም ካልኦት ካብኣ ንላዕሊ ፈጣናት ስለዝነብሩ በኺያ፡ ንሳውን ፈጣን ስለ ዘይነበረት በኺያ፡ ገለ ጸገም ስለ ዘለዋ ሓዚና።”፡ ”ድንጒያ ነይራ፡ ምስ´ቶም ካልኦት ክትጻወት ኣይፈቐዱላን። ”

**ርእይቶ ናይ ውለዲ ብዛዕባ ዝርርብ ምስ ደቆም**

ዝተፈላለዩ ዓይነት ዝርርብ ንምኽፋት፡ Opratat.se ሓደ ጭቡጥ መሳርሒ ንወለዲ ኾይኑ ኣሎ። መብዛሕትኦም እተን ፊልምታትን ዛንታታትን  ሓጺርቲ ሙኺነን ፈትዮሞ።

ሓደ ወላዲ ንሱ/ንሳ ነቲ መርበብ ሓበሬታ ንሰራሕተኛታት መዋእለ ህጻናት ከም ዘርእየን ነጊሩ። ካልእ ወላዲ ብዛዕባ ምስ ማሕብራዊ ሰራሕተኛ ዝገበሮ ዝርርብ ነጊሩ። ጓሉ ናብ ናይ ቈልዑን መንእሰያትን ናይ ኣእምሮ ፍውሳ (BUP) ክይዳ ከም ዝነበረትን፡ ኣብቲ ምብጻሓ ድማ ንወለዳ ጸገም ስለዝኾነት ሕማቕ ከም ዝስምዓን ተዛሪባ። እዚ ነቲ ወላዲኣ ሕማቕ ከም ዝስምዖ ገይርዎ። እቲ ማሕበራዊ ስራሕተኛ ንopratat.se ኣርእዩ፡ ብዙሓት ከምኡ ከም ዝሓስቡን ዝስምዖምን ንፈልጥ ኢና ኢልዎ። ቈልዑ ኣብ ከምዚ ዓይነት ኲነታት ንወለዶም ይከላኸልሎም እዮም።” እዚ መልእኽቲ ነቲ ወላዲ ካብቲ ዝነበሮ ጸቕጢ ቁሩብ ኣቕሊልሉ - ንሱ በይኑ ኣይኮነን።

ንመድምደሚ ሓደ ኣቦ ከምዚ ኢሉ፡ “ኣነ ብህድኣት ክቕጽል፡ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ኣርእስትታት ተኣማንንትን ጋህድን ክህልውንን ብናይ ውላደይ ስሚዒታት ፈራሕ ንኸይከውንን ሓገዝ የድልየኒ እዩ።”